

ክቡራን ህዝበ ክርስትያን እንቛዕ ብሰላም ጾምና ኣፈጺሙ ኣብ ትንሳኤኡ ኣብጽሓና። በዚ ኸኣ ኩላትና ደስ ክብለና ይግባእ ፡

ዘስተውዕል ኣእምሮ ዘለዎ ኩሉ ከምዘስተውዕሎ ጎይታናን መድሓኒናን እቲ ኩሉ ዘጋጠሞ ስቅያት ምእንቲ ኩላትና'ዩ ኩሉ ግን ተርዲእዎ ክኣምኖ ኣይክኣለን፡ ንሕና ግን እዚ ዝጾምናዮን ነብዕሎ ዘሎና ትንሳኤን ዓቢ ናይ እምነትና ምስክርዩ'ሞ ብልቢ ደስ ክብለና ይግባእ፡ መኸንያቱ ናይ ድሕነትና ምልክት'ዩ፡ እሞ ዝጎደለና ኣማሊእና ብፍላይ እቶም

ክርስትያን ኢና እናበልና ኣማላዲ እዩ፡ ነቢ'ዩ ንብሎ ካብቲ ምንፍቕና ወጺና ኣምላኽ ወዲ ኣምላኽ ምኳኑ ኣሚና ኣብቲ ቕኑዕ መገዲ እንተ ዘይተመሊስና ድሕነት ክንረክብ ስለ ዘይንኽእል ንመለስ። ኣምላኽነቱ ክርድኣና እንተ ዘይክእል ኮይኑ ኽኣ ብዝሓጸረ ወንጌል ዮሃንስ 1፡1-14 ደጋጊምና ብጸሎት እንተ ነቢብናያ እቲ ምስጢሩ ክግለጸልና'ዩ፡ እንተዘይኮነ ግን ኣማላዲዩ እናበልካ ድሕነት የለን። ትንሳኤ እናተዘከረ ካብዝብዓል ኣስታት 2000 ዓመታት ሓሊፉ ሕጂ ኽኣ ኩላህና ኣበቤትና ከከም ዓቕምና ተቸራሪብና ኣሎና፡ ትንሳኤ ወይ ካልኦት ብዓላት ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ እዩ ዝብዓል እንተ ደኽምናሉውን ይግብኦ'ዩ። እቲ ቸንዲ መዓልታዊ ክንጻለወሉ ዘለና ከነስተውዕሎ ዘይክኣልና ግን ብዛዕባ ምድላው ን ምጽኣት'ዩ፡ ምጽኣት በጺሑ ካብዝብሃል ዘመናት ሓሊፉ ሕጂ ኽኣ ኣብቲ ፍጻሜኡ (ሻምናይ ሽሕ ) በጺሕና፡ በጀካ እቶም ውሑዳት ቅዱሳት ምጽኣት እንተ በልካዮም ከም ዕሽነት'ዩ ዝመስሎም፡ እቶም ቅዱሳት ኣቦታት ግን ምስቲ ኹሉ ቅድስንኦም ኣብ ምዓልቲ ምጽኣት እንታይ  ኽትገብረኒ ኢኻ እናበሉ ኩሉ ግዜ ልመና፡ ዝተረፎም ዕድመ ብዓሰርተታት ዝቑጸር ክንሱ፡ ነቲ ድሕሪ ኣማኢት ዓመታት ዝኸውን ናይ ሻምናይ ሽሕ ርኽሰት ንኽይርእዩ እታ ምዓልቲ ኣይተርእየና

እናበሉ ጸሎት። ንሕና ኸኣ ከምቲ ኣሰሮም ተኸቲልና ብኽርስትና ንነብር ዘለና ከምኦም ክኣ ንምጽኣት ክንዳሎ ይግብኣናዩ።

ደጊምና ርሑስ ብዓለ ትንሳኤ ክኾነልና ንምነ። እግዚኣብሄር ኣብ ምጽኣቱ ንኸይንሓፍር በቲ ምእንታና ዝፈሰሰ ደሙ ካብሓጥያትና የንጽሃና ኣሜን!!!

**ርሑስ ትንሳኤ ይግበረልና ኣሜን!!**